# ትሕዝቶ ሕቡእ ኣጀንዳ “ፕሮጀክት-ሳዋ“?

ብሓልዮት ጉጅለ ደቀባት ኤርትራ 15.09.2009 ዓ.ም.

ኣብ ዝኾነ ይኹን ኵርናዕ ዓለም ዝፍጠር ውግእ: ቀንዲ ጠንቁ ስዉራትን ግሁዳትን: <u>ወነንቲ ገንዘብን ባጤራን ርእሰማላውያን'ዮም</u>። ኣውራ ዓላማኦም ድማ: ምንጪ ቍጠባን ስቡሕ መሬትን: ሃብቲ ባሕርን: ስትራተጂካዊ ክፍሊ ዓለምን ንምግባት'ዩ። ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ባህርያዊ ጸጋ ዝተዓደላን: ዝብሃጋ ሃገራትን ስለዝኾነት: ህዝቢ ኤርትራ ግዳይ ጆግራፊካዊ ኣቀማምጣ ሃገሩ ኮይኑ ገና ይሳቐ'ሎ።

ህዝቢ ኤርትራ ካብ'ዚ ግዳይ ጆግራፊካዊ ኣቀማምጣ ሃገሩ ኮይኑ: ዘሕልፎ ዘሎ ሕሰም: ሓራ ክወጽእ እንተድኣ ኮይኑ: ኣርሒቖም ዝሓስቡን ዝንበዩን: ብኤርትራውነቶም ዝሕበኑን: ውሽጣውያንን ግዳማውያንን ጸላእቶም ብግቡእ ዘለለዩን: ብቕኑዕ ተውዲቦም ድማ: ንመንነቶምን ድሕነት ህዝቦን ብዘይቀልዓለም: ዝምክቱ ሓርበኛታት ዜጋታት ምስ ዝልዓሉ ጥራይ እዩ።

*ሓደ ካብ'ቲ ደቂ ሰባት ብተፈጥሮ ዝተዓደሎም: መባእታዊ ሰብኣዊ መሰል <u>ሕቶ ምንባር'ዩ</u>። ነዚ መሰረታዊን ተፈጥራዊን ሰብኣዊ-መሰል'ዚ: ብዓመጽ ክምንዝዖ ንዝመጽእ ሓይሊ ድማ: ደቂ ሰባት ንመሰረታዊ መሰሎም ክብሉ: መኪቶም ክቃወሞም ባህርያዊን መጐታዊን'ዩ። ጭፍራ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ኣብ ስልጣን ካብ ዝመጽእ ጀሚሩ: ብፍላይ ንመንእሰይ ወለዶ ኤርትራ: ብሓፈሻዊ ከኣ ንህዝቢ ኤርትራ: ነቲ ተፈጥራዊ ሕቶ መነባብሮኡ ግሂሱዎ ይርከብ ኣሎ። ስለዝኾነ ድማ ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ: ካብ ዝሓለፉ ኮሎንያል መግዛእቲ ዝወረዶ ሕሱም ጭቈና ንላዕሊ: በቲ ካብ ከስዒኡ ዝወጸ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ ወሪዱዎ ዘሎ ይገድድ። ካብ'ዚ መሪር ኵነታት ተጋላጊሉ: መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰሉ ክሕሉ እንተድኣ ኮይኑ ግን: ብዘይ ባዕዳዊ ሓይሊ ብሓባር ተላዒሉ ንኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ክምክቶ ኣሎዎ። ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ: ካብቲ ሰውራ ኣልዒሉ ዝተቓለሶ ቃልሲ ዝሓየለ ተቓውሞ ከርእየሉ ዝግብኦ መድረኽ'ዩ በጺሑ ዘሎ።*

ብሮጀክት “ሳዋ“ ኣብ'ቲ ፈለማ እዋን ክእወጅ ከሎ: “ሃገራዊ ኣገልግሎት“ ብዝብል መጸውዒ ስም'ዩ። እቶም ኣብቲ ፈለማ እዋን: ንሃገራዊ ኣገልግሎት ተመልሚሎም ዝወፈሩ መንእሰያት: ብስም “ቀዳማይ ዙርያ“ እዮም ተጸዊያም። መብዛሕትኡ ገርሄኛ ህዝቢ ኤርትራ ድማ: “ሃገራዊ ኣገልግሎት“ ብሓቂ ንኣገልግሎት ህዝብን ሃገርን መሲሉዎ፣ ደቁ መታን ግቡእ ሃገራዊ ኣገልግለቶም ፈጺሞም: ብእዋኑ ተጣይሶም ንቡር መነባብሮኦም ከካይዱ: ዝብል ቅዱስ ተስፋን እምነትን'ዩ ነይሩዎ። በዚ መኽንያት'ዚ ከኣ'ዩ ብሰበ-ስልጣን ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ከይተሓተ: ብፍቓዱ ንደቁ ከከብኪቡ ንቤት ጽሕፈት ምዝገባ-ሳዋ ዘረክቦም ዝነበረ። ሕቡእ ኣጀንዳ ኢሰያስ ግን: ስምዒትን ዝንባሌን ህዝቢ ኤርትራ መዝሚዙ: ፕሮጀክት-ሳዋ ካብ ቀዳምይ ዙርያ ጀሚሩ: ክሳብ መወዳእታ ዘይብሉ ግዜ: ንኣገልግሎት ሃገር ኤርትራን ንረብሓ ህዝባን ዘይኮነስ: ንረብሓ ግሎባል ባዕዳውያንን ኢሉ: ጸረ-ህዝብን ሃገርን ገና ይቃለስ ኣሎ። ስለዚ ከኣ'ዩ ኢሰያስ ብሮጀክት “ሳዋ“ ወለዶ ህዝቢ ኤርትራ ባርነታዊ ሓለት ኣናሕለፈ ቀቢጹ-ተስፋ ኮይኑ ንኽጸንት ዝትግበር ዘሎ። ንዝመራመርን ዘስተብህልን ኤርትራዊ ዜጋ: ስዉር ምስጢር ብሮጀክት “ሳዋ“ ንምፍላጥ ኣይጽግሞን'ዩ። ገርሂ ህዝቢ ኤርትራ ግን ክሳብ ሎሚ: ነቲ <u>ስዉር ምስጢር ፕሮጀክት “ሳዋ“: ገና ኣየስተብሃለሉን ኣሎ። ነዚ እከይ ፕሮጀክት'ዚ: ኣለልዩ ክሳብ ዘይተቓወሞ ድማ: ኢሰያስ ዝሓዞ ሒዙ ነቲ: ጸረ መንእሰይ ወለዶን: ህዝቢ ኤርትራን እንዳሰርሐ ክቕጽል'ዩ</u>።

## ሕቡእ ምስጢር “ፕሮጀክት ሳዋ“:

ስለላ መርበብ ሲ.ኣይ.ኤ.ን መንግስቲ ኢስራኤልን: ከምኡ'ውን ዓበይቲ ርእሰማላውያን ሃገራትን (ጂ-8ን): ንግሎባል-ረብሓኦም ኢሎም: ብፍላይ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ: ብሓፈሻ ድማ ኣብ ምሉእ ኣፍሪቃ: ሓንጺጸሞ ዘለው መድብ-ዕዮ ሓደ ካብኡ “ፕሮጀክት ሳዋ'ዩ“። ነዚ ንምትግባር ከኣ: ካብ ብኣእምሮኦም ብኸብዶም ዝሓስቡ: ፋሺስታውያን ገዛእቲ ደቂ ኣፍሪቃ መዚዞም ኣለው። <u>ካብቶም ብፍላይ ኣብ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ተመዚዞም ዘለው: ፋሺስታውያን ዕሱባት መራሕቲ</u>

ኣፍሪቃ ከኣ: ኢሰያስን መለስ ዜናዊን'ዮም። ሓደ ካብ'ቲ መደብ ዕዮኦም ድማ ዝሑል ውግእ (Silent War) ኣብ ልዕሊ መስኪን ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ምእዋጆም'ዩ። ቀንዲ ዓላምኡ ከኣ: ህዝቢ ኣጽኒትካ ምንጪ ቍጠባ እተን ሃገራት ንምውናን'ዩ።ትሕዝቶኡ ከምዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ'ዩ።

ቀዳማይ: ገርህኛ ህዝቢ ኣፍሪቃ: ካብ'ዚ ሎሚ ዘሎዎ ብዝሒ: ብውግእ ጥራይ ክጸንት ስለዘይክእል: ብዝተፋላለየ ሰብ ዝሰርሖ ቀዛፊን ተላጋብን ስሚ ዝኾነ መድሃኒት: በቶም ብስም "ግብረ-ሰናይ" ዝጽውዑ ቶኺሉ: ብዓለም ባንክ እንዳተሰረፉ: ኣብ ትሕቲ ጽላል ሕቡራት መንግስታት ዓለም (UN) ኮይኖም: ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኣፍሪቃ ሰሊኾም: ረዲኤት ንገብረልኩም ኣሎና ብዝብል ጒልባብ ተዋፊሮም: ህዝቢ ብዘይጥይት ግን ከኣ ብመርዝን ቀዛፊ ሕማማትን ብምንዛሕ'ዩ። ንሳቶም ድማ እቶም NGO ዝብሃሉ ሲቪላውያን ማሕበራት ከምኒ ቀይሕ መስቀልን FAO: Food and Agriculture Organization): ንኣብነት:- ሕማም-ኤይድስ ሕማም ቱበር-ኮለዚስን: ብኸም'ዚ ውዲት'ዚ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ተኣታትዩ: ተፈቲኑ ድማ ሚልዮናት ደቂ ደቡብ ኣፍሪቃ ተለቢዶም'ዮም። ኣብ ኢትዮጵያን ኤርትራን'ውን ተዘርጊሑ ሰብ ይምንቍስ ኣሎ። ኢቦላ ዝተባህለ ሰብ ዝመሃዞ ተጻባኢ ህዋስ (Virus)ድማ: ኣብ ኮንጎ ተፈቲኑ ክንደይ ህዝቢ መንቍሱ'ዩ። ኰነ ኢሎም ዝምሃዝዎ በዲዶ (Cholera) ዝብሃል ሕማም'ውን: ኣብ 2009 ዓ.ም ኣብ ዚንባቨ ኣብ ፈልፋሊ ማያት ተነስኒሱ: ማእለያ ዘይብሎም ደቂ ዚንባበ ተላሒሶም'ዮም። ከምኡ'ውን ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን: ስዓል-ጨራሩ (bird flu)ን: ስዓል-ሓሸማ (severe flu)ኢሎም ዘጠመቑዎም: ሓደሽቲ ቀዘፍቲ ሕማማት: ንኸምስሉ ካብ ሜክሲኮ ዝመጸ ሓዲሽ ሕማም ኣንዳበሉ: ንዓለም የርዕዱዎ ኣለው። ጽባሕ ንግሆ ግን ብፍላይ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ: እቲ ወፍሪ ክጅመር'ዩ። እዚኦም በቶም ንዓለም ክብሕትዋ ዝደልዩን: ጸጊበ ዘይብሉ ሃርጋፋት ግሎባል ርእሰ-ማላውያንን ዝተቓመሙ: ተላገብትን ቀዘፍትን ሕማማት'ዚኦም: ብመደብ መተካእታ ባሩድን ጥይትን ተባሂሎም ዝተዳለው'ዮም። ከም ምስምስ ዝቐርብዎ ግን: ድሕሪ ገለ ዓመታት ስነ-ቅርጺ ወይ ስፍሓት ዓለም: ነቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንዳወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ: ህዝቢ ዓለም ክጸቦ ስለዝኽእል: ህዝቢ ዓለም ክውሕድ ኣለዎ" ዝብል'ዩ። እዚ ግን "ክትበልዓ ዝደለኻ ኣባ-ግንባሕስ ዛግራ ትብላ" ከምዝብሃል: እቲ ኣብ ዝሰፍሐ ኮንቲነንት ዝነብር ዘሎ ህዝቢ ኣፍሪቃ ድዩ መሬት ዘጻብብ ዘሎ? ወይስ ህዝቢ ቻይናን ህንድን: ተባሂሎም እንተትሓቱኸ እንታይ ክምልሱ'ዮም? ስለምንታይ እዩ ህዝቢ ኣፍሪቃ ንኽምንቈስ ተፈሪዱ ዘሎስ ፈሊጥናዮ ኣሎና። ንሱ ድማ እቲ መምርሒ ሃርጋፋት ልርእሰ-ማላውያን: ፈላሊኻ ምግዛእ ቀዳምይ መምሪሒኦም ስለዝኾነ: ኣቐዲሞም ብመስኪን ህዝቢ ኣፍሪቃ ይጅምሩ ኣለው። ንሱ ከኣ ነቲ Charles Robert Darwin ተመራማሪ ባዮሎጂን ስነዘገምታዊ-ምዕባሌ መፍረ እንስሳታትን ደቂ-ሰባትን (Evolutiontheory ) ተመራሚሩ ዘቕረቦ "ካብ ኩሎም ፍጡራት እቲ ዝሓየለ ፍጥረት ጥራይ እዩ ዝድሕን" ዝብል ስነሓሳብ: ከም መምርሒ ወሲዶም'ዮም: ነቲ ዘይናቱ ዘይደሊ ርሕሩሕ ህዝቢ ኣፍሪቃ ከም ሕማቕ ቈጺሮም: ቶኺሉ ኣፍሪቃያን ዓሲቦም: ዝንባሌኡ መዝሚዞም ከጽንቱዎ ገልዳሕ ዝብሉ ዘለው። መሲሉዎም ድኣምበር ህዝቢ ኣፍሪቃ ግን ኣይጸንትን'ዩ ግን ክውሕድ'ዩ። ሓንቲ መዓልቲ ግን ክትመጽእ'ያ: እዞም ቅዉሓት ርእሰማላውያን: ጒዳይ ኣፍሪቃ ከይወድኡ ከለው: ከም ኣመሎም ነንሓድሕዶም ክማናቈሱ ም'ኻኖም ስነ-መጎታዊ ሓቂ'ዩ። ብሕልፊ ብሁግ ጆግራፊካዊ ኣቀማምጣን: ብፍላይ ስቡሕ መሬትን: ጽሩይ ኣየርን: ብሓፈሻ ድማ ባህርያዊ ጸጋ ዘለወን ሃገራት: ካብ ጥንቲ ዘመን ኮሎንያል ጀሚሮም: ንኽቈጻጸሩወን ከይደቀሱ'ዮም ክሓድሩ ጸኒሖም። ብፍላይ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃን ኣዕራብን: ከማኡ'ውን ኣብ ኣፍጋኒስታን: ብርኡይ ከተግብሩዎ ምሉእ ዓለም ይዕዘብ ኣሎ። ነዚ ተዋፊሮምሉ ዘለው እከይ ወፍሪ'ዚ ድማ: ነዛ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሳ ዘላ ብሂል ከም ዓላማ ወሲዶም'ዮም። "ወነንቲ ምሬትን ባህርያዊ ጸጋን ዝኾኑ: ምንጪ ቍጠባ ስለዘለዎም ሓራ'ዮም: እዚ ከኣ ንዓና ሓደገኛ'ዩ። ስለ'ዚ ካብ ርስቶምን ዓዶምን ክንሰጎም ግድነት ይኸውን"። As owners of the Land, they are harmful to us in that they are independent in their sources of lovelihood. Therefore, at all costs, we must deprive them of their land. እዚ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ዓለም ዝርኤ ዘሎ ቅልውላው: ብሃንደበት ዝመጸ ዘይኮነ: ኣብዛ ጥቕሲ'ዚኣ ተመርኲሶም ብመጽናዕቲ ዘተግብሩዎ ዘለው መደብ-ዕዮ እዩ።

ካልኣይ: (Military outsourcing) ዕሉማት ደቀባት ወተሃደራት ውጻኢኦም ብዙሕ ስለዝኾነ: (ንዋሕስና ድሕነቶም ንስትሕጋጎም: ከማኡውን ደመዞም ይኹን ክንክኖም ባጀት ስለ ዘቃውስ: ቢሮክራሲያዊ ሃለኽ-ሃለኽ'ውን ስለዘለዎ: ፕራይቨት ወተሃደራት ምክራይ ይሓስር: ሎሚ ድማ ኣብ ዓለም ማእለያ ዘይብሎም ስራሕ-ኣልቦ ስለዘለው: ሕሱር ጒልበት ምርካብ ቀሊል ም'ኻኑ ስለዘጽንዑ: ምስ ግላውያን ዓበይቲ ወነንቲ በንዚን ካምፓኒታትን ተሻሪኾም: ብኽራይ ወተሃደራት Mercenary ምዕሳብ

ከምዝሓይሽ ወሲኖም። ንኣብነት ከም (*Black Water* ብዅራይ ዝተዓስቡ ወተሃደራት: ኣብ ውግእ ኢራቕ ብግሁድ ክፍተን ንርእዮ ኣሎና። እዚ ኣብ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ: ፕሮጀክት ሳዋ እምብኣር: ሓደ ካብቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ (*Military outsourcing*) ኣካል ኮይኑ: ረቒቕ ምስጢራዊ ዕዳጋ ወተሃደራት ዘካይድ'ዩ። ኢሰያስ እሞኸኣ ነቶም መንእሰያት ኤርትራ ብጥርሑ ገገፉ: ኣብታ ብምኽሪ ኢስራኤላውያን ዝቔመት "ቤት ትምህርቲ ሳዋ" ኣሰልጢኑ ምቕራብ ስለዝኾነ ስርሑ: ካብ'ቲ ዕዳጋ ብዘይ ቀረጽ ብጥሪኡ-መኽሰብ ጥራይ እዩ ዘለዎ። ብሓጺሩ ኢሰያስ ንባዕሉ: ሓደ ካብቶም ወተሃደራት ዘካርዩ ግላውያን ትካላት እዩ። ብዛዕባ ኣከፋፍላ ገንዘብ ድማ ጸገም የብሉን። መስኪን ህዝቢ ኤርትራ: በቲ ኣብ ዕዳጋ ዓለም ትርጉም ዘይብሉ: ሓሰር-ንፋይ ናቕፋ ባጤራ ኣንዳተሳቐ ከሎ: ኢሰያስ ድማ መንእሰያት ደቂ-ተካሊት እንዳካረየን ሸጠን: ብሕሳብ ዶላር ኣሜሪካ ወይ ኤውሮ: ብቐጥታ ኣብቲ ጕይቶቱ ዝቋጻጸሩዎ ግላዊ ባንክ-ሕሳቡ: ኣብ ስዊዝን ሉክሰምበርግን ለንዶንን ዱባይን ወዘተ…ዘለዋ ገንዘብ ዝሓጽባ (*Money Laundary*) ኦፍ-ሾር ባንክታት ይመሓላለፈሉ። ብዙሓት "ንሃገራዊ ኣገልግሎት" ኢሎም ዝተገፉ መንእሰያት ኤርትራውያን: ካብ መዓስከር ሳዋ ንግሎባል ባርነት መልሚሉ: ነተን ንመግስቲ ኣሜሪካ ኣገዳሲ መንጪ ቍጠባን: ስትራተጂካዊን ዝኾና ሃገራት: ኣብ የመን ኣብ ሱዳን: ኣብ ጅቡቲ: ኣብ ዳርፉር: ኣብ ሶማልያን ብነጻ ጕልበት ተዋፊሮም: ብዘይ ዋሕስነት-ህይወት (*Insurance*) መላስ ኣውያት ዘይብሎም ዓሪቦም'ዮም። ካብኡ ሃዲሞም ድማ ኣብ ምድረ-በዳ ሳሃራን ማእከላይ ባሕርን ይሽመሙ ኣለው። ብኻልእ ኣዘራርባ ሳዋ ኢሰያስ ሓንቲ መንእሰያት እንዳእሰልጠነ (*Human Resource*) ዕዳጋ መንእሰያት ዘካይደላ: ቦታ'ያ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ሓቂ ከኣ'ዩ። ኮንስፕራሲ ኤርትራ እንተድኣ ብንቕሓት ስርሔይ ኢልካ ተፈቲሹ ዘስካሕክሕ'ዩ። ኣብ ዝመጽእ እዋን ግን ብዓቕምና በብቑርብ ገርና ክንዝርግሖ ኢና። ምስጢር ሳዋ ከም'ዚ ኢሉ ኣንዳተጓዕዘ ከሎ ግን: ገርሂ ህዝቢ ኤርትራ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከም ሓቂ ወሲዱ'ዩ: ላመይ ኣላትኒ ኣብ ሰማይ: ጸብኣ ግን ዘይርኣይ: እንዳበለ ደቁ ካብ "ሳዋ" ክምለሱሉ ቀንፈዘው ኣንዳበለ ምጽባዩ: ኣዝዩ ዘጕህ'ዩ። ሎምስ'ሞኸኣ ደቅኻ ኣብ ባሕሪ ጥሒሎም ኣንዳተባህሉ: ብጃምላ ይርድኡ ኣለው። ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ወርሒ ብድሕሪ 75 መንእሰያት ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ጥሒሎም ተላሒሶም'ዮም። ስድራ-ቤቶም መርድእ ደቆም ምስ መጸም ድማ: ብጓሂ ጣዕ ኢሎም ዝሞቱ ብዙሓት'ዮም። ካብ'ዚ ዝኸፍእ ሓጥያት ከኣ የልቦን። ተሓታቲ ናይዞም ንጹሃት መንእሰያት'ዚኦም ግን ኢሰያስ ባዕሉን ጕይቶቱን'ዮም። ዋላ እቲ መንእሰያት ኤርትራ ብልብያ ኣቢሎም ንኽዓርቡ ዝወጠኑ'ውን ጕይቶት ኢሰያስ'ዮም። ብሓጺሩ ኤርትራ መፈተኒ(ላቦራቶሪ) ናይ ዝተፋላለዩ ስዉራት መንገዲ-ጥፋኣት ኮይና ትርከብ ኣላ። ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ኢሰያስ ክሳብ ዘይተላዕለ: መሃንድሳት ጥፍኣት ጕይቶት ኢሰያስ: ካብቲ ዘውጽኡዎ መደብ ኣየንሳሕቡን'ዮም። ህዝቢ ኤርትራ ንኽጠፍእ ብውግእ ጥራይ ዘይኮነ: ረቒቕ ፕሮጀክትታት ምሂዝካ ከኣ ክፍተን ኣለዎ ኢሎም ኣቐዲሞም ሓንጺጾሞ ስለዝኾኑ። ዓንጀገዳይ ኢሰያስ ግን: ሓንሳብ ብዕስነቱ ዝበልኩምኒ ክገብር ሔራይ ኢሉ: ኣጠዓዒሙ ጢል ስለዘበለሎም: ኣብ መወዳእታ እንታይ ዓይነት ሕፍረት ከምዝመጾ እኳ ኣጸቢቆም ይፈልጡ እንተኾኑ: ሮቦተር ስለዝረኸቡ ግን እኸቢዶም ኣንዳጽዓኑዎ: ካብቲ እከይ ስርሖም ምቕጻል ዓዲ ኣይውዕሉን'ዮም። ንህዝቢ ኤርትራ ድኣ ድሕሪ-ማይ ኣብ ብዓቲ ክኾኖ'ዩምበር: ንኢሰያስ ግን ሓደ መዓልትስ ከም ዒቃ ሓሪጦም ምስ ጸንቀቕዎ ክጕሕፉዎ'ዮም። ክንደይ ዑሱባት ሲ.ኣይ.ኤ ተተሓሪጦም በልዮም ዘይተጓሕፉ።

ስለ'ዚ ኣብ'ዚ ከነስተብህለሉ ዝግባእ ሓደ ነገር ኣሎ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ልዕሊኡ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ፍርዲ ተፈሪዱ ገና ንማሕረዲ ዝተዳለወ ዕየት ኮይኑ እንከሎ: ንኢሰያስን ስዉራት መሻርኽቱን ኣለልዩ: ኣይፋልኩምን ብዋጋ ደቅና ክሳብ ሎሚ ዝተላገጽኩሞ እዋን ይኣክል ኢሉ: ተጠርኒፉ መኪቱ ክልዓል ኣለዎ። መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ማእቶት ተዋፊሮም ቤተ-ሰቦምን ሃገሮም ክንዲ ዝሃንጹ: ብብላሽ ግዳይ ስዉር ዘመናዊ ዕዳጋ ባርነት ክኾኑ እንዳተዓዘብና: ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻኢን ዘሎና ህዝቢ ኤርትራ: ትም ኢልና ክንርኢ ኣዝዩ ዘሕንኽን መፈጠርካ ዘጽልእን'ዩ።

ሳልሳይ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሕቡራት መንግስታት ዓለም (UN): ብስም ግብረ-ሰናይ ዝጽውዓ ሲቪላውያን ማሕበራት ተተኼኢሮም: ገዳይምን ጡረተኛታትን መኰንናት ሲቪል ተኸዲኖም: ሓገዝቲ ተመሲሎም ኣብ ውሽጢ ህዝቢ እንዳሰለኹ: ንህዝቢ ብጃምላ ዘጥፍእ ስዉር መድሃኒታት እንዳዓደሉ ረቒቕ ወተሃደዊ ዕዮታት ምክያድ። ንኣብነት ከም FAO:*Food and Agriculture Organization*ን: ካልኦት ምስዮናውያን ተመሲሎም ንድኻታት ንሕግዝ ኣሎና ኣንዳበሉ ድኻታት ዘጥፍኡ። እዚኣቶም ድማ ኢሰያስ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ከምድላዮም ክንቀሳቐሱ ፈቒዱሎም'ዩ። ንኽምስል ግን ሰጕጕዩም ይብል። እቲ ዝዓበየ ኣብ ማእከል ኣስመራ ዝርከብ US-Aid ግን: ምስ ቤት ጽሕፈት UN ተላፊኑ: ኣብ ኤርትራ ብጕልባብ ረዲኤት ብሰፊሑ ስዉር ስለላዊ ወፍሪ የካይድ ኣሎ።

ኣርሒቕ ኣቢልና እንተሪኢና ድማ: ብደም ኤርትራውያን: ንረብሓ'ቶም ዘይተመዝመዘ ባህርያዊ ሃብቲ ኣፍሪቃ: ክውንኑ ላዕልን ታሕትን ዝብሉ ዘለው ባዕዳውያን መንግስታት ምዃኑ ክንግንዘብ ንኽእል። ስለዚ ኣብ መደምድምታ: እቲ ቀንዲ ዓላማ ፕሮጀክት-ሳዋ: ብጕልባብ "ሃገራዊ ኣገልግሎት" መንእሰያት ኣሰልጢንካ: ንርእሰ-ማላውያን ብቕሩብ ገንዘብ ብምክራይ: ግዳይ መምልእ ማሕፉዳ ባዕዳውያን ግሎባል ፐለየርስ ይኾኑ ኣለው። ስለዚ ከኣ ኢሰያስ ንረብሓን ምዕባሌን ሃገር ክንዲ ቅንጣብ ሓሲቡ ከምዘይፈልጥ: ብሕልፊ ሎሚስ ተጋሂዱ'ዩ። ካብዚ ዝኸፍእ ረቂቕ ፕሮጀክት-እከይ ስለዘየሎ ከኣ: ህዝቢ ኤርትራን ሰራዊቱን መኪቱ ጸረ ኣይተ ኢሰያስ ክልዓል መድረኽ ይጠልቦ'ሎ።

## ዝምድና ኢሰያስን ኣባላት ፖሊት-ቢሮ ወይኔን

ዝምድና ኢሰያስን ኣባላት ፖሊት-ቢር ወይኔን: ካብ እዋን ሰውራ ጀሚሩ መትከላዊን ዓሚቕን እዩ። እዚ ዶባዊ-ወራር ተባሂሉ ዝተወልዔ ኵናት ግን: ብባዕዳዊ ስለላ-መርበብ ዝተሓንጸጸ: ኮነ ኢልካ ንኽልቲኤን ሃገራት ኣናቕትካ: ሓይሊ ወተሃደር ክልቲኣኤን ሃገራት ንምሕምሻሽን: እቲ ሕልሚ ልዑላውነት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓዲግ መዲግ ንምእታውን'ዩ። ኣብቲ ውሽጢ ዝምድናታት ፖሊት-ቢሮ ወያኔን ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን ኣቲና ምትንታን ክገፍሓና ስለዝኽእል: ምስ ጕዳይ ፕሮጀክት ሳዋ ኣተሓሒዝና ጥራይ ብመጠኑ ክንትንትን ክንፍትን ኢና።

ንኣብ'ቲ ጽምብል "ቀዳማይ ዙርያ ሳዋ": ካብቶም ምስ ኢሰያስ ናይ ሓደ ቅርሺ ክልተ ገጽ ዝኾኑ: ዓበይቲ ሰበ-ስልጣናት ኢ.ህ.ኣ.ደ.ግ: ኣቶ ስብሓት ነጋ: ብወግዒ ተረኺቦም ነበሩ። ኣብቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዓይጋ-ፎርም (www.aigaforum.com): ብዛዕባ ኵነታት ኤርትራ ቃለ-መጠይቕ ክገብሩ ከለው ድማ: ወያኔ ንኤርትራን ህዝባን ከምዝሕለቑን: ካብ ውድባት ኤርትራ ንላዕሊ ንኤርትራ ከምተቓለሱን: ብሕጂ'ውን ንኤርትራ ዝደፍር ሓይሊ ኣንተድኣ መጺኡ ከምዝቃለሱላን ከይሓፈሩ ኣውሪዮም'ዮም። **እቲ ሓቂ ግን: ካብቶም ንኤርትራ ፋሕ ብትን ንኽኣትዋ ስርሔይ ኢሎም ብስውር ተመዚዞም ዘለው: ምኩር ኣባል ፖሊት-ቢሮ ወያኔ: ኣቶ ስብሓት ነጋን: ኣቶ ሕቡር ገብረኪዳንን'ዮም። ኣቶ መለስ ዜናዊ'ውን: ኣብቲ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ: ምስ ኣዝማሪኖ ኮም ዝገበሩዎ ቃለ-መጠይቕ: ኤርትራ ንመለስ ዜናዊ: ካብ ኢሰያስ ንላዕሊ ከምትብጽሖም ለፍሊፎም'ዮም። የቕንየልና ኣቶ መለስ። ኣናፍራ ቈቛሕ ዘይፈለጠስ ኣይሃዳናይን። ኣቶ ለገሰ ዜናዊ ግን ዕዮ ገዛኦም ኣንተዝገብሩ'ዶ ኣይምሓሾምን ነይሩ: ኣብ ክንዲ በቲ ጅግና ህዝቢ ኤርትራ ዝዋራዘዩ? ጕዳይ ኦሮሞን ጕዳይ ኣምሓራን ዘይፈትሑ። ክንደይ ብህዝቢ ኤርትራ ዝተዋራዘዩ መራሕቲ ኢትዮጵያ'ኳ: ብሰንኪ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝገበሩዎ ግፍዒ: ብሕፍረት ተሰናቢቶም'ዮም።** ኣቶ ለገሰ ዜናዊን: ኣቶ ስብሓት ነጋን: ነዚ ታሪኽ'ዚስ ዘንጊዖሞ ማለት ድዩ? ኣይፋልኩምን። እቲ ኣብ ግዜ ዮውሃንስ ራብዓይን: ሽቃ ኣሉላን ብጅጋኑ ኤርትራውይን ዝልገስ ዝነበረ ጅግንነታዊ ረዲኤትስ ኣወጊንና ንግደፎ: ብ*1991* ዓ.ም. ሰራዊት ወያኔ ንኣዲስ ኣበባ ክቈጻጸሩዋ ዝኽኣሉ: ብረዲኤት ከቢድ ብረት ህ.ግ.ሓ.ኤ.: ከምዝነበረ ኣቶ ስብሓት ነጋን: ኣቶ ለገሰ ዜናዊን ረሲዕኩሞ ዲኹም? ንህዝቢ ኤርትራ ራእዩኡ ጋህዲ ከይከውን: ፋሕ ብትን ክብል ኣንተድኣ ኮይኑ ሕልምኹም'ሲ ኣይግድን። እዚ ውዲት እዝስ ንሃይለስላሴን ንመንግስቱ ሃይለማርያምን ኣየድሓነን። ተመክሮ መንግስቱ ንጉስ ሃይለስላሴን ትምህርቲ ዝኾነኩም መሲሉና ነይሩ። እስከ ነታ ብወናም በረኸት መንግስትኣብ: ዝተደርሰትን ዝተዘመረትን ዜማ ደጊምኩም ስምዑዋ። እቲ መልእኽታ ብዘይቀላዓለም: ኣብ ስምዒት ዝተመርኰሰ ኣይኮነን። ሓቀኛ መልእኽቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝሓዘት መዝሙር'ያ። ከምዚ ክንብል ከሎና ግን: ንኣቶ ኢሰያስ ንኢድና: ንኣቶ ለገሰ ዜናዊ ንነቅፍ ዘሎና ከይመስለኩም። ንሕና ማእከልና ጭቍን ህዝቢ ኤርትራን: ህዝቢ ኢትዮጵያን ብቑዕን ፍትሓዊን መራሒ ንኽረክብ እዩ። ኮይኑ ግን እዚ ክልተ ህዝብታት'ዚ ክሳብ ሎሚ ቅኑዓት መራሕቲ ክረክብ ኣይተዓደለን። ኣብ'ቶም ሎሚ ደይቦም ጽባሕ ዝወርዱ መራሕቲ ኣንተኾነ'ውን ኣምነት የብልናን። ኣብቶም ክሳብ ዝሞቱ ዝገዛኡ ፋሺስታውያን ግዝኣቲ: ከም ብዓል ኢሰያስ'ውን ኣንተኾነ'ውን ባህጎም የብልናን። ብፍላይ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይን: ብሓፈሻ ድማ ህዝቢ ኦሮሞን ኣምሓራን: ወይ ድማ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብጠቕላላ: ጭቍናት ኣሕዋት ድኣምበር ጽላን ቅርሕንትትን ከምዘይብሎም ከነረጋግጸልኩም ንፈቱ። ሓደ መዓልቲ ሓኢሮም ዘድግሙላ ዕለት ግን ክትመጽእ'ያ።

ካብ ኢሰያስ ናብ መለስ: ካብ መለስ ናብ ኢሰያስ: ምሳኻ በጃኻ: ምሳኽ ወይልኻ ኣንዳበልና ምልኻዕ ግን: ካብ ዝብኢ ናብ ቶዅላ ምንጋዕ ስለዝኾነ ኣይፋልናን ምስህዝቢ ድኣ። ኣይፋሉን ኢሰያስን ኣቶ መለስን ግን: ሓባራዊ ጸረ ክልቲኡ ዝኾነ ሕቡእ ኣጀንዳ ዘለዎም: ናይ ሓደ ቅርሺ

ክልተ ገጽ ምኻኖም: ብሓልፊ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ: እቲ ንቑሕ ኣካል ኤርትራዊን ኢትዮጵያዊን በጺሑዎ'ዩ። ብዙሕ ከይጸውና ድማ መወዳእትኡ ከነርክበሉ ኢና። እይተ መለስን ኣይተ ስብሓትን: እስከ ነዛ ብወናም በረኸት መንግስትኣብ ዝተደርፈት ደርፊ ተኻታተልዋ:-

ለዋህ ልበይ ክፉእ ዘይለመደ
ተቐይሙ ሕማቕ ምስተፈደ።

ኣጽሊለዮም ኣብ ዳዕሮይ ገረበይ
ኣደቂሰ ኣብ ንእደይ መደበይ
ሓጊዘዮም ሰጊረ ንዶበይ።
ኣዕጢቐዮም ሕዛበይ ዝናረይ።

መን ክድቅስ ንኤርትራ ወሪሩ
መን ክስሕቕ ንህዝበይ ኣዕገርጊሩ
መን ክቐስን ነገር ኣሳዊሩ።

ኣዓዊቱ ካባ ዘጐምገሞ
ኣብ መንበር ነገስታት ዘኾደሞ……
ዝኾዓቶ ጕድጓድ ባዕሉ ይደርገሞ….

ካብ'ዚ ሓሊፍና ካልእ መረዳእታ ከነቕርበልኩም ግዜ የብልናን። የቐንየልና።

## ሓርበኞታት ተቓወምቲ ደቂ ሃገር: ኣብ ሳዋ ዝነበሮም ኣረኣእያ:

ድሕርቲ "ሳዋ" ዝተኣወጀሉ ፊልማ-እዋን: ተረፍ-መረፍ ግዳይ ኢሰያስ ዝኾኑ ሓርበኞታት ምኩራትን: ምኩራት ፖለቲካ ተመራመርትን ንርሑቕ ጠመትን: ደቂ ሃገር: ዝሰምዓም ድኣ ስኢኖም እምበር: ክንደይ'ኳ ዓው ኢሎም ወፍሪ-ሳዋ ወፍሪ ባርነት'ዩ: ብህጹጽ ደው ክብል ኣለዎ: ክብሉ ኣውያቶም ኣስሚዖም'ዮም። ከም'ዚ ዝስዕብ ክብሉ ስለዝተቓወሙ ግን: ተቐንጺሎምን ተኣሲሮምን'ዮም። ካብቲ ዝጠርዑዎን ዘስምዑዎን ኣውያት ከኣ ብኸፊሉ ከም'ዚ ነበረ:- *"መንእሰይ ኤርትራ ን30 ዓመታት ዝኣክል ከርተት ኢሉ: መዘና ዘይብሉ መስዋእቲ ከፊሉ: ነጻነት ሃገር ኣምጺኡ ከብቅዕስ: ኣብ ክንዲ መቐረት ሓርነት እንዳኣስተማቐረ: ብቕሳነት ኣብ ትምህርትን ምርምርን ኣተኲሩ ብድልየቱ ሃገሩ ዘማዕብል: ሕጂ ከኣ እንደገና ተገዲዱ ንመሮር ክወፍርስ ሃየንታ'ዩ። እዚ ብጕልባብ "ሃገራዊ ኣገልግሎት" ኣምሲልካ: ንኽትበጽሖ ትደልዮ ስዉር ኣጀንዳ: ንምትግባር ዝግበር ዘሎ ውዲታዊ መደብ'ምበር: ጥዕና ዘለዎ መደብ ኣይኮነን። ጕጅለ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ብሓቂ ብጕዳይ ህዝብን ሃገርን ዝሓሊ እንተድኣ ኮይኑ: ቅድሚ ስዉር ኣጀንዳ ዝሓዘ ፕሮጀክት-ሳዋ ምእዋጅ: ብዙሓትን ኣዝዮም ኣድለይትን ዘይተመለሱ መደብ-ዕዮታት ክምልስ ምተገብኦ ነይሩ። ንመረዳእታ:- ሕቶ ሕገ-መንግስቲ (ቅዋም): ሕቶ ቍጠባዊ ቅርጺ: ሕቶ ሰብኣዊ መሰልን ዲሞክራስን: ከይተመለሱ ተደጕሎም ከለው: ስዉር ኣጀንዳ ዘለዎ ወፍሪ ባርነት ምእውጅ: ሃውተታ'ዩ"።* እቲ ብስምዒትን ብፕሮፓጋንዳ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.: ዝደንዘዘ ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ግን: ነቲ ኣውያቶም ሰሚዑ ንእከይ ፕሮጀክት-ሳዋ ኣለልዩ: መኪቱ ክዓግቶ ኣይተላዕለን። ከም'ዚ ኮይኑ ከብቅዕ ግን: ኤርትራዊ መንእሰይ እኳድኣ ብዘይ ድልየቱን ድልየት ወለዱን ብቐጻሊ: ብሃንደበትን ብቐስብን ካብ ጽርግያን ካብ ገዝኡን: ተተገፊፉ ክሳብ ሎሚ ንሳዋ ይጓረት ኣሎ።

ነብያትን ብጹኣትን: ንረብሓ መጻኢ-ወለዶ ኣርሒቖም ዝጥምቱ: ወራዙትን ዓበይቲ ዓድን ዘለዋ ሃገር: እንዳ ማዕበለትን በልጸገትን ትኸይድ። ኤርትራ ድኣሞ ኣርሒቖም ዘይጥምቱን: ካብ ብኣእምሮኦም: ብኸብዶም ዝሓስቡን: ሓቢሮም ዝበልዑ'ምበር ሓቢሮም ዘይቃለሱ ዜጋታት ስለዘለዋ ድያ: ዝካላኸለላ ስኢና ህዝባ ኣንዳበተኸ: ግዳይ ወረርቲ-ባዕዳውያን ሓይልታት ክትከውን ትቃራረብ ዘላ? እሞ ኣብ ኤርትራ ነብያትን ብጹኣትን: ጀጋኑን ሓርበኞታትን ስለዝበተኹ ድዮም: መለስን ኢሰያስን ብሽርክነት መሳርሒ ባዕዳውይን ኮይኖም: ንህዝቢ ኤርትራ ዝላገጽሉ ዘለው:? ወይስ ገና ኣሎና ዝብሉን ዝብላን: ደቂ ሃገር ኣለውና ወይስ ኣለዋና'የን? ንመራሕቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን መሻርኸቶም ኢ.ህ.ኣ.ደ.ግ.ን ድኣ-ይመስሎም ይኸውን'ምበር: ህዝቢ ኤርትራስ ይውሕድ ድኣ'ምበር ፈጺሙ ኣይጸንትን'ዩ። ሓደ መዓልቲ ድማ ረሳሕ ተሪኽ ዕሱባትን: መጋበርያ ባዕዳውያንን: ክጕሓፍዩ! እቶም ጭቍናት ህዝብታት ድማ ሓቢሮም ከድግምሉ'ዮም።

እቶም ጸለመን (*Defamiation*) ምዝመዛን-ሓሶትን (*Manuplation*) ዝስንቆም መሃንድሳት መራሕቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ግን: በቲ ልሙድ መምሪሑኦም: ግድል (*Problem*) → ምድሕርሓር (መልሰ-ግብሪ)→ (*Reaction*) →ፍታሕ: (*Solution*): ማለት ዝቐደመ ግድል መሰረታዊ ፍታሕ መታን ከይረክብ: ሓድሽን

ምጽእተኛን ሽግር ኰነ ኢሎም ኣንዳመሃዙ: ነቲ ኣውራን ወሳንን ሽግሩ ህዝቢ ኤርትራ መታን ከይፍታሕ: ኣብዘይ ፍጹም ተስፋ ዕንክሊል እንዳበለ ላሕ ክብል'ዮም ስዉር ኣጀንዳ ሳዋ ምዚዞም: ኣውራ ሓንጸጽቲ መሃንድሳት'ዚ መጽነት መንእሰይ ወለዶ ዝኾነ ፕሮጀክት-ሳዋ'ዚ ድማ: ጕይቶት ኢሰያስ ስለላ-መርበብ እስራኤልን ኣሜሪካን'ዮም": ኢሎም ዝተቓወሙ ሓርበኛታት ደቂ ሃገር: ብጸልማት በብሓደ ተኣርዮም: ብዙሓት ከኣ ተቐንጺሎም ዝተረፉ ከኣ: ክሳብ ሎሚ ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ: ብባርባራዊ ኣተሓሕዛ ይሳቐዩ'ለው። ስለዚ ድማ ፕሮጀክት-ሳዋ ዓላማኡ ንርብሓን ኣገልግሎት ህዝቢ ኤርትራ ዘይኮነስ: ንረብሓ ባዕዳውያን ከምዝኾነ ተጋሂዱ'ዩ።

## "ፕሮጀክት ሳዋ" ዘመናዊ ባርነት'ዩ።

ብሮጀክት "ሳዋ" ኣብ'ቲ በኾሪ ኣዋጅ ኣኳ: "ሃገራዊ ኣገልግሎት" ኣንተነበረ: ጸኒሑ ግን ገና ብግስ ከይበለ: እቲ ብትእዛዝ ጕይቶት ኢሰያስን መለስን ባዕዳውያን ዝተሓንጸጸን: ብመሃንድሳት ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን ወያኔን ንክትግበር ዝተበገሰን ዶባዊ-ኲናት ትወልዔ። እቲ "ሃገራዊ ኣገልግሎት" ዝነበረ ከኣ ኣብ "ምክልኻል ሃገር" ተቐይረ። በኾሪ ወፍሪ ናይ'ዚ ፕሮጀክት'ዚ ከኣ: ንቡር ዘይፈተኑ መንእሰያስ ቀዳምይ-ዙርያ ድማ: ኣብ ኲናት ባዱመ ተጠቢሶም መላስ ኣውያት ዘይብሎም ተረፉ። ሓዲሽ ዕንክሊል ተፈጢሩ ድማ: ክልተ ኣሕዋት ዝኾኑ ህዝብታት: ብፍላይ ህዝቢ ትግራይን ህዝቢ ኤርትራን: ብሓፈሻ ድማ ህዝቢ ኢትዮጵያን ብሰንኪ ከድዓት መራሕቶም ተቓሓሓሮም። ድሕሪቲ ካብ ክልተ-ሚእቲ-ሽሕ (200.000) ንላዕሊ መንእሰያት ኤርትራን እትዮጵያን ዘጽነተ: ኣሞኽኣ ትርጕም ዘይብሉ "ዶባዊ-ኲናት": ኣንተኾነ'ውን ኣብ ክንዲ ሓባራዊ ፍታሕ ፈጢርካ: ንህዝብታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ብሰላም ከምዝነብሩ ምግባር: መርሕቲ ኢህግዲፍን ወያነን ንህዝቢ ኣብ ሓሸውየ ኣእትዮሞ ዘርምዘርሞ ከትርፉዎ መሪጾም። ጕድ'ዩ! እቲ ካብ ኩሉ ዘስደምም ጕዳም ተዋስኦ ድማ: እቲ ኣብ መንጎ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን መሻርኽቶም ኢ.ህ.ኣ.ደ.ግ.ን ዝተወልዔ ኲናት ጠጠው ኢሉ። ዶብ ድማ ብቪርችዋል ዶብ ተሓንጺጹ ኣንዳተባህለ: "ሳዋ" ከም ልሙድ ወፍሪ ተወሲዱ፣ መንእሰያት ኤርትራ ብፍቶት ዘይኮነ: ብግዲ ካብ ንእዶምን ዓራቶምን: መኣዲ ትምህርቶምን ብሃንደበት ተተገፍፎም ገና ብግዲ ይወፍሩ ኣለው። ወፊሮም። ካብ ቀዳማይ ዘርያ ጀሚሩ ከኣ: ድሮ 24 ዙርያ በጺሑ'ሎ። ብኸም'ዚ ድማ መንእሰይ ኤርትራ: ክሳብ ሎሚ: ን"ሃገራዊ-ኣገልግሎት" ከይዱሎ: ካብ "ሃገራዊ-ኣገልግሎት" መሊቑ ኰብሊሉ ኣሎ": ዝብል ወረ'ምበር: ንዓዱ ተመሊሱ ንቡር መነብሮኡ ይገብር ኣሎ: ዝብል ኣይሰማዕን ኣሎ። ስለዚ ከኣ እቲ "ሃገራዊ-ኣገልግሎት" ዝብሃል ውዲታዊ-ፕሮግራም: ኣብ ዘመናዊ ባርነትን ወይ ከኣ ምጽናት መንእሰይን ወለዶን ተቐይሩ ይርኤ ኣሎ። እቲ ጽዩፍ ብኢሰያስ ዝቐርብ ምስምስ ግን: ወያኔ ጠራሮ ስለዝቐንኡልና: ዘይሓሰብናዮ ጕዳይ ዶብ-ባዱመ እጋጢሙና። እቲ "ሃገራዊ-ኣገልግሎት" ዝብሃል ኣብ ምሕላው ዶብ ቀይርናዮ ኣሎና": ዶብና እንተ ተሓንጺጹ ግን ኩሉ መንእሰይ ክጣየስ'ዩ" ዝብል'ዩ ነይሩ። እቲ ካብ ኩሉ ዘስደምም ግን: ባዕሉ ኢሰያስ በቲ ኣብ መበል 17-ዓመት ጽንብል ብዓል ነጻነት 2008 ዓ.ም. ዝሃቦ መደረ: ጕዳይ ዶብ ከምዘኸተመ: ፋይል ጕዳይ ምሕንጻጽ-ዶብ ድማ ከም ዝተዓጽወ ተጠሊዑ ንህዝቢ መዲሩሎም'ዩ። ንመረዳእታ ካብቲ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ብዕለት 24 ግንቦት 2008 ዓ.ም. ንህዝቢ ዝገለጾ ቃል ብቓሉ:-

*"መበል 17 ዓውደ-ዓመት ናጽነትና: ልዑላውነትና ተደሪዑ ዝደልደለላ: ኣጋጣሚት'ያ ክትብሃል ትክኣል። ድሕሪ ውሳኔ ኮሚሽን ዶብ: ኣብ ሚያዝያ 2002 ዓ.ም. ቀያዲን መወዳእታን: ውሳኔ ኮሚሽን ዶብ ብምምልካት: ኣብ ባይታ ምእንቲ ከይትግበር፣ ምምሕዳር ዋሺንግተን ንባይቶ ጸጥታ: ከም ጅሆ ሒዙን ኣማሲኑን፣ ኣብ መወዳእታ ዘይብሉ ከለልን ምህውታትን ንኸውጥጠና: ሕጊግ ኢሉ ከይሰለጠ ስለዝተረፈ፣ በቲ ሓደ ወገን ንምርሜታት ኮሚሽን: ንተራኡ ከዋስንን ዘካየዶ ህቀናታት'ውን ከይተዓወተ ምስ ተረፈ፣ በቲ ካልእ ኮሚሽን ዶብ ብዝወሰዶ: "ቪርችዋል-ምሕንጻጽ-ዶብ" ንስሙ ምምልካት ዶብ ብዝብል: መደምደምታ ውሳኔ ዶብና ተመልኪቱ: እቲ ፋይል ተዓጽዩ ምህላዉ: ዘተኣማምን ኣገዳሲ ምዕባሌ: ኣብ ምድራዕ ናጽነትና ልኡላውነትናን'ዩ"።*

ኣየ ጕድ! ጕዳይ ዶብ በቲ ኮሚሽን ዶብ ዝወሰኖ ውሳኔ: "ቪርችዋል-ምሕንጻጽ ዶብ": ትርጕሙ ብቋንቋ ትግሪኛ:- ንስሙ ምምልካት ዶብ እንተድኣ ኮይኑ: እቲ ፋይል ጕዳይ ምሕንጻጽ-ዶብ ከኣ ካብ ትዓጽወ ድኣ: እቲ ዙርያታት ክሳብ ንሓዋሩ ዝቕጽል ዘሎኸ ስለምታይ እዩሙ? ኢሰያስን መራሕቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን: የማነ ማንኪን: ሓጕስ ክሻን ኣብርሃ ካሳን ወዘተ...: መሻርኽቶም መራሕቲ ኢ.ህ.ኣ.ደ.ግ.: መለስ ዜናዊን ስብሓት ነጋን በረኸት ስምኦንን ስዩም መስፍንን ግን: ነቲ

ንህዝቢ ኤርትራ ፋሕ-ብትን ዘብል ስውር ኣጀንዳ ኣጸቢቖም ይፈልጥዎ'ዮም። ስለምንታይ ከምኡ ይኸውን ኣሎ'ውን: ኣዳዕዲየም ይፈልጡዎ'ዮም። ንገርሄኛ ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ግን ተኸዊሉዎ ኣሎ።

ኢሰያስ ብፕሮጀክት-ሳዋ ኣመሳሚሱ: ክበጽሖ ዝደልዮ ስውር-ሸቶ: ነቶም ተመራመርትን ፈተሽቲ ምስጥራት ስለላን-ኩለላን ስውር ኣይኮነን። ስዉርን ንጹርን ውዱታዊ ዓላማ ግን ኣለዎ። ብፍላይ ኣብ ኤርትራ: ካቢነት ኢሰያስ ኣብ ከተማ ኣስመራን ከተማ ምጽዋዕን ሓኪሉ: ከምድላዩ ንህዝቢ ክጭቁን እንተድኣ ኮይኑ: ሓይሊ-መንእሰይ ካብ ከተማታት ኤርትራ ንመዓስከር-ሳዋ (*Consentration Camp*) ክዳጉን ኣለዎ። እዚ ኣብ ሳዋ ዘሎ መንእሰይ ኤርትራ: ሓንቲ መዓልቲ እንተድኣ ተፈዲሱን ተጣይሱን ድማ: ስልጣን ካቢነት ኢሰያስ ከምዘይውዕልን ከምዘይሓድርን: ኢሰያስ ኣጸቢቑ ይፈልጥ'ዩ። ነዚ ስለ ዝፈልጥ ድማ ኢሰያስ ብህይወቱ ክሳብ ዘሎ: ወፍሪ ብርነት ዋርሳይ ደው ኣይከብሎን'ዩ። ህዝብን መንእሰይን ተቜጢዑ: ኣምቢ ንውዲት ሳዋ ዝብል ጭርሖ ኣልዒሉ ኣንተድኣ መኪቱ ግን: እከይ መደብ-ዕዮታቱ ሳዋ ነበረ ተባሂሉ ክተርፍ'ዩ። ባርነታዊ ሓለት መንእሰይ: "ጽርግያ ኣግፋሕና ቢንቶ ሰራሕና: ሓጽብታት ኰዓትና" ድማ ተዋሳኦ ኮይኑ ክበንን'ዩ።

ሎሚ መንእሰይ ኤርትራ: መጻኢ ዕድል ከምዘይብሉ ስለዘለለየ: ካብ መዓስከር ሳዋ ነነፈጹ: ንምድረ-በዳን ስሃራን: ማእከላይ ባሕሪን ክዓርብ ይርኤ'ሎ። ገለገል-ወብስይታት ድማ: ኣብ ክንዲ ነቲ ጠንቂ ኣለልየን: ፍታሕ ዘናድያ መንእሰያት ኣብ ቀላይ ጥሒሎም: ኣብ ምድረበዳ ተደፊኖም ኣንዳበላ ኣውያት ጥራይ የርድኣ ኣለዋ። እቲ ቀንዲ ጠንቂ ናይዞም ኣብ ቀላይን: ኣብ ምድረበዳ-ሰሃራን ዝዓርቡ ዘለው መንእሰያት: ኢሰያስን ልኣኽቱን ከምዝኾኑ ንህዝቢ ዘረድኣን: ህዝቢ ድማ ነቶም ፋሺስታውያን ገዛእቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን: ክምክቶም ከምዘለዎ መጸዋዕታ ዝገብራን: ብዛዕባ ሳዕቤን ጥራይ የውርያ ኣለዋ። ርግጽ'ዩ ኣብ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ወሳኒ ሓይሊ መንእሰይ እዩ። ኣብ ግዜ ሰውራ'ውን እንተኾነ መንእሰይ እዩ: ኣብ ህጁምን ኣብ ዓውዲ ውግእን ኣንዳተጠብሰ ተሰዊኡ። ንኢሰያስ ድማ ኣብ ስልጣን ንኽመጽእ ዝገበረ።

## "ፕሮጀክት ሳዋ" ሰላማዊ ውግእ (*Silent War*): ወይ ከኣ ሓደ መቀላጠፊ ምንካይ ህዝቢ *(Population Reduction)* እዩ።

እዚ ፕሮጀክት'ዚ ኮነ'ሎም ብመደብ: ኣማኽርቲ ኢሰያስ ዝሓንጸጽዎ'ዩ። ሓደ ኣካል ናይ ድምጺ ዘይብሉ (*Silent War*) ረቂቕ ውግእ መበል *21* ክፍለ-ዘመን: ከምኡ'ውን ምንካይ ቍጽሪ ህዝቢ ተባሂሉ ዝተወጠነ'ዩ። ዋላ'ኳ ኢሰያስ "ቢንቶ ነግፍሕ ኣሎና: ጽርግያ ንስፍሕ ኣሎና: ሓጽብታት ንኹዕት ዘሎና" ኣንዳበለ: ዝኣረገ ኣርቺቭ ፊልምታት ብድምጺ ኤሬይ እንዳዘርግሔ: ነቲ ገርሄኛ ህዝቢ ኤርትራ: እንተጠበሮ፣ እቲ ሓቂ ግን ብስም ወፍሪ ዋርሳይ ይክኣሎ: ንኹሉ ክሰርሕ ዝኽእል ውጹዕ ህዝብና: ነጻ ጒልበቱ ብባርነታዊ ውዲት መዝሚዙ: ሕልንኡን ኣእምሮኡን ኣልሚሱ: ካብ ግላዊ ማእቶትን ምርምርን: መሰረታዊ ማሕበራዊ ናብራኡን ዘርምዘርሞ ንምትራፍ'ዩ። ካባኡ ሓሊፉ ከኣ: ነቲ ዘተግብሮ ዘሎ እከይ መደብ-ዕዮ ዝጻብኡ ደቂ ሃገር: ብማእሰርትን ቅንጸላን ምድስካልን ጽልጸላን ትንፋሱ የምልቖ ኣሎ። መንእሰይ ካብ መዓስከር እንዳ ነፈጸ: ኣብ ስደትን ኰብለላን ይዓርብ ኣሎ። እዚ ኩሉ ብቅድመ-ግንባርነት ኢሰያስ ዝሳለጥ ዘሎ ውዲት'ዩ። እቲ ዘገርም ድማ: ብደም ህዝቢ ኤርትራ ገርካ: ህዝቢ ኤርትራ ዘይኮንስ: ጐይቶት ኢሰያስ ንኽረብሕሉ ጥራይ እዩ። ኣዚ ኩሉ ሃለኽ-ለኽ ኢሰያስ: ትእዛዝን ምዕዶን ጐይቶቱ: ኣብ ግብሪ ንውዓል እንተዘይኮይኑ: ንድልየት ህዝቢ ከቶ ሓሲቡ ኣይፈልጥን። ካብ "ሚእቲ እቶት ሚእቲ ሓሶት" እንዳነዝሐ ግን: ሓቂ ንኸምስል ንህዝቢ ኤርትራ: ገና ኣእምሮኡ የደንዝዞ'ሎ። "ብሞት ዘይኮነስ ብሕልፈታት ብኸዩ" ከምዝብሃል: እቲ ስውር ሓቂ: ኢሰያስ ከም ሪሞት ኮንትሮል: ኣገልጋሊ ስለላ-መርበብ እስራኤልን ኣሜሪካን ኮይኑ: ወለዶ ህዝቢ ኤርትራ ኣጽኒቱ: ነታ መሬት መዓንደሪን ሕዛእትን እስራኤላውያን ንኽገብራ ጥራይ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ: መንእሰይ ኤርትራ ብሰንኪ ኢሰያስ: ግዳይን መሳለጢ ቅድድም ዓለም-ለኽ መንጪ ቍጠባን እስትራተጂን ኮይኑ: ላሕ ንኽብል እዩ። ወይ ድማ ግዳይ ግሎባል-ፕለየርስ ንምግባር'ዩ።

## <u>ሕቡእ ምስጢር ምምስራት "ሳዋ"</u>

ሕቡራት ኣሜሪካን መንግስቲ ኢስራኤልን: ዓበይቲ ርእሰማላውያን ሃገራትን (ጂ-8ን): ንግሎባል-ኦፐረሽን ኢለን: ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝመደብኦ መድብ-ዕዮ ንምስላጥ ተባሂሉ ዝተመዘዘ: ካብቶም ኣፍሪቃውያን ዕሱባት ፋሺስቲ ሓደ ኢሰያስ'ዩ። መንግስቲ ኣሜሪካን ኢስራኤልን: ተሓባበርቶም

ኤውሮጳ-ሕብረትን: ንኢሰያስ ገንዘብ ኣንዳኸፈሉ: ምኩራት-ኤርትራውያን ወተሃደራት ከም (*Black Water*) ተኻርዮም: ንሓያሎ ዓመታት ካብ መዓስከር ሳዋ ጓሪቶሞም'ዮም። ንኣብነት ኢሰያስ ኣብቲ ንመንግስቲ ኣሜሪካ ኣገዳሲ ዝኾነ ስትራተጂ: ወራራት ኮንጎን ሱዳንን ሶማልን: ንምስላጥ ብደም መንእሰያት ኤርትራ ዓቢ እጃም ኣበርኪቱ'ዩ። መንእሰያት ኤርትራ ከኣ ንመምልእ ማሕፉድ ኢህግዲፍን ጉይቶቶምን መላስ ኣውያት ዘይብሎም ከምዝተረፉ ብዙሕ ጭብጥታት ኣሎ።

እዚ ፕሮጀክት'ዚ ድሕሪ'ቲ ንሓያሎ ዓመታት: ኣንጻር ሱዳንን: ኮንጎን ጅቡትን: ድርፉርን የመንን ዝተገበረ ወራራት: ተፈቲኑ ተሰሪዙ'ዩ። እቲ ኣውራ መኽንያት መትረፊኡ ድማ: መንግስቲ ኣሜሪካ ካልእ ሕሱር ምንጪ ዝካረዩ ወተሃደራት ስለዝረኸበት'ዩ። እቲ ምስ ኢሰያስ ዝገበርዎ ውዕል (*Military outsourcing*) እምባኣር ካልእ ኣማራጺ ስለዝረኸቡ ጠንጢኖሞ። ኢሰያስ ግን ሓንሳብ ንህዝቢ ኤርትራ ንምጽናት ምስ ጉይቶቱ ውዕል ስለዝኣተወ: እቲ ኣከይ ፕሮጀክቱ ብኻልእ መልክዕ ክቕጽሎ መሪጹ። ንሱ ድማ: ብዶባዊ-ዥናት ኣመሳሚሉ: ንመንእሰያት ኤርትራ ኣብቲ ምስ መራሕቲ-ወያኔ: ብውዲት ኣሳዊሩ ዝኣጐዶ ሕሱር ዅናት ጠጢቖዎም። ዘይውጽእ ጽልእን ቅርሕንትን ድማ: ኣብ መንጎ ክልተ ኣሕዋት ዝኾኑ ህዝብታት ትግራይን ኤርትራ ኣጒሃሂሩ። ብድሕሪኡ ኩሎም ዝጻባኣም ዝነበረ ጐረባቲ ሃገራት: እቲ ውግኣት ንረብሓ መን ከምዝኾነ ስለዝተረድኡ: ምስ ኢሰያስ ምትህልላኽ ጠጠው ኣቢሎሞ። ኢሰያስ ግን ነቶም መንእሰያት: ካብ ሳዋ ነንዓዶም ኣንተድኣ ኣጣይስዎም: ክግልብጡዎ ስለዝኽእሉ ኣብ ሳዋ ዓጊቱ: ካብኡ ነነፈጽም ንሊብያን ንእስራኤልን ንደቡ ኣፍሪቃን ከምዝዓርቡ ይገብር ኣሎ። እዚ ፕሮጀክት እዚ'ውን ሓደ ክፋል ናይቲ ድምጺ ዘይብሉ ሓዲሽ ውግእ (*Slent War*) መበል 21 ክፍለ-ዘመን'ዩ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢህግዲፍ: ካብ ከስዔ ህዝቢ ኤርትራ ዝተወልደ: ድርብ-ድርብርብ ኮሎንያል ገዛእቲ'ዩ። ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ብልጽግናን ሰላምን ሕሪሙዎ: ኣብ ጨቋንን ተጨቋንን ተቐይሩ: ዳርጋ ፍታሕ ሓሪሙዎ ቀቢጸ-ተስፋ ኮይኑ ይርከብ ኣሎ። ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ሰብኣዊ መሰላቱን ባህሉን ሃይማኖቱ: ቍጠባዊ-ሰረቱን፡ ማሕበራዊ ናብራኡን ብኤርትራዊ መልክዕ ዘለዎ ጉጅለ ተጋሂሱ ይርከብ ኣሎ። ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሕስረትን ሕሰምን ስደትን ተሳጢሑ ይርኤ'ሎ። ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ነጻነት: ብሰንኪ ኢሰያስ ኣብ ዘይተጸበዮ ዓዘቕቲ-ጭቈና ተሸኺሉ ይርከብ ኣሎ። እሞ ውዲት ኢሰያስ ከምዚ ካብ ኮነ: ጽሕፍቶ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ካብ ሕማቕ ኣብ ዝሓመቐ ገጹ ይጒዓዝ ካብ ሃለወ:: ንሓዋሩኸ ደቂ ኤርትራ እንታይ ክንገብር እዩ እቲ ዅነታት ዝጠልበና ዘሎ?

እቲ ካብ ዅላትና በኹሩ ዘሎ ሕቶ: ብዘይ ቀላዓለም ጸላኢና ብግቡእ ኣለሊና: ነብስና ፈቲሽና: ሕቶ ውህደትን ሕቶ ምርድዳእን ምምላስ ጥራይ እዩ። ነቲ ክሳብ ሎሚ ክጒዓዝ ዝጸንሐ ኣገባብ ቃልሲ ድማ: ብዘይ-ንሕስያ ፈቲሽና ጌጋ እንተድኣ ኮይኑ: መትካእታ ክንፈጥረሉ እዋኑ ብህጹጽ ይጠልበና ኣሎ። ህዝቢ ኤርትራ ረኺቡ ስኢኑ: በቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ህዝብን ሰራዊትን ጥራይ ክድሕን ከምዝኽእል ኣረጋጊጽና ክንኣምን ኣሎና። ሽዑ ጥራይ ኢና: ሓቀኛን ኣዓዋትን መንገዲ ሒዝና ንመንነትና ብዘይ ተስፋ ምቍራጽ ክንጣበቕ እንበቅዕ።

## ንሕና ኤርትራውያን ኣብ'ዚ ዘሎናዮ መድረኽ: ኣንታይ ክንገብር ኣሎና?

ኢሰያስን መለስን ድሕሪ ቍሩብ ዓመታት: ብፍላይ ኣብ ኤርትራ ጀጋኑ ደቂ ሃገር መንቀሶም ንኤርትራ ዝከላኸል ሰብ ከምዘይህሉ ምስኣትረፉን: ብሓፈሻ'ውን ኣብ ትግራይ ጀጋኑ ደቂ ትግራይ ምስ ኣጥፍኡን: ነቲ ኣብ ሑጻ ክስርቱዎ ዝደለዩ ዘለው: <u>መንግስቲ እኽሱም ትግራይ ትግሪኝ</u> ክተኽሉ'ዮም ዝሓልሙ ዘለው። ኢሰያስን መለስን ኣነ ብነጀው ንስኻ ብኔው እንዳተባሃሃሉ: ለይትን መዓልትን ንኽልቲኡ ህዝቢ ፈላልዮም ዝላገጹሉ ዘለው: ስዉር ውዲታዊ ኣጀንዳ ስለዘለዎም'ዩ።
ስለዚ ብሕልፊ ኤርትራውያን ተቓውሞ ሓይልታት ብሃልቲ: እቲ ወግሑ ጸብሑ ኣብ ኣፍ ደገ መለስ ምስጋድ ጠንቲኖም: ኣብ ጒኒ ህዝቦ ጠጠው ኢሎም: ብህጹጽ ምስቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሓይሊ ርክብ ክገብሩ ኣለዎም። ገርሄኛ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ግርህነቱ ተማሂሩ: ሕጂስ ይኣክል ኢሉ ምስ ሰራዊቱ ሓቢሩ ንኢሰያስ እምቢ ኢሉ ዝምክተሉ መድረኽ ሕጂ ኣኺሉ'ዩ። ኣብ ወጻኢ ዘሎ ዘይተወደበን ውዱብን ህዝቢ ኤርትራን: ሲቪካውያን ማሕበራትን ድማ: ንውዲታት ኢሰያስን መለስን ኣለልዩ: ልፍንቱ ምስ ወያኔን ምስ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን ዘይኮነ: ምስ ህዝቡን <u>ህዝባዊ ሰራዊት ኤርትራ ተላፊኖም: *Regime change at Home* ብዝዝብል ጭርሖ ክምክቱ ኣለዎም።</u>

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ካብ ብወያኔ ዝተባረኸሎም መሪሕነት ንኽረኽቡ: ጭንን ዝብሉ ዘለው ተቓወምቲ: ብፖሊት-ቢሮ ወያኔ ስለተቐየዱ: ክሳብ ሕጂ መሰጋገሪ መንግስቲ ኣብ ወጻኢ ደፊሮም ክእውጁ

ኣይበቕዑን። እቲ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብህጹጽ ንልዑላውነት ኤርትራ ዋሕስነትን: እንኮ መፍትሒ ህዝቢ ኤርትራን ክኸውን ዝኽእል ግን: ካብ ወያነን ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን ተጽዕኖ ነጻ ዝኾነ ሃገራት ኰንካ: መሰጋገሪ መንግስቲ ብህጹጽ ምእዋጅ ጥራይ ስለዝኾነ: ድሮ መሰጋገሪ መንግስቲ ኤርትራ ተኣዊጁ ኣሎ። ስለዚ ነዚ ኣብ ወጻኢ ተኣዊጁ ዘሎ መሰጋገሪ መንግስቲ ክንድግፎን ክንስዕቦን ባዕልና ክንዝውሮን መድረኹ ኣኺሉ'ዩ። ካብኡ ሓሊፉ ካብ መለስን ካብ ኢሰያስን ጥራይ: ለውጢ ክመጽእ ንጽበ እንተድኣ ኰንና ብዛዕባ ኤርትራውነት ክንዛረብ ከንቱ'ዩ። መኸንያቱ <u>ፖሊት-ቢሮ ወያኔን ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን: ጸረ መሰረታዊ ፍታሕ ህዝቢ ኤርትራ ምዃኖም ተበጺሑ'ዩ። ስለዚ ብሕልፊ ኩሎም ምስ ወያኔ ዝላፈኑ ሓይልታት: ኣቐዲሞም ክሓስቡሉን: ሓራ ኮይኖም ኣብ ጐኒ ህዝቦም ዶው ክብሉን ይጽውዑ</u>። ከም'ዚ ዓይነት ስጕምቲ ምስንወስድ ጥራይ ኢና: ኢሰያስ ካብታ ሰንከልከል ትብል ዘላ መንበሩ: ከነጽድፎ እንኻል። ኢሰያስ ጸዲፉ ማለት ድማ: ነጻነት ህዝቢ ኤርትራ የሎን ማለት ኣይኮነን። እቲ ሓቂ ግን ኢሰያስ ጸረ ልዑላውነት ኤርትራ እዩ። ጕዳይ መለስ ንህዝቢ ትግራይን ንህዝቢ ኢትዮጵያን ንግደፈሉ። ከውርዶን ከደይቦን ዝኽእል ህዝቢ ኢትዮጵያን ህዝቢ ትግራይን ጥራይ ኣለዝኾነ። ህዝቢ ኤርትራ ጽባሕ ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ: እንታይ ዝምድና ይገብር ጸገም ኣይኮነን። ሰላምን ዲሞክራስያን ኣንተድኣ ሃልዩ: ኵሉ መንገዲ ክፉት'ዩ። ሃገር ጀርመንን ፈረንሳን ቅድሚ ሚእቲ ዓመታት: ሰለስተ ግዜ መሪር ደም ተፋሲሰን'የን። ሎሚ ግን ብሰላም ተቓራሪበን ህዝበን ቀሲኡ ይነብር ኣሎ። ጕዳይ ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን: ባዕዳውያን ስለዝሓዝዎን: ዕሱባትም ደቂ ሃገር (ሮቦት-ራዲካልስ) ከኣ ዋርድያታት ኮይኖም ስለዝዓገቱዎ'ዮም እምበር: ተፋቒሩ ክነብረሉ ዘይካል ምንም ጸገም ኣይነበረን። እቶም ቀንዲ ጸጋም ንህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን ኮይኖሞ ዘለው ከኣ: እቶም ክልተ መራሕቲ <u>ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን ኢ.ህ.ኣ.ድ.ግ.ን ጥራይ እዮም።</u>

**ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መንጎ ወያኔን ኢህግዲፍን ተቐርቂሩ ኣይነብርን'ዩ።**
**ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ሓደ መዓልቲ: እንቋዕ ኣርከብናሉ ክብሉ'ዮም።**